# መእተዊ ናብ ሓደ ናይ ህንጻ ሞያ

**ጋላክሰን ብይግ፡ ንሓደሽቲ መጻእትን ንነዊሕ ግዜ ስራሕ ኣልቦ ዝኾኑ ሰባትን፡ ኣብ ናይ ህንጻ ጽላት ንናይ ስራሕ ሂወት ይሕግዝን ናይ ስራሕ ዕድላት ይፈጥርን።**

**ብዝያዳ ክትፈልጥ እንተ ደሊኻ ምሳና ርክብ ግበር!**

## ጋላክሰን ብይግ ብኸምዚ ኣገባብ ክሕግዘካ ይኽእል

ከም ሓድሽ መጻኢ ወይ ንነዊሕ ግዜ ስራሕ ኣልቦ ዝኾንካ፡ ጋላክሰን ብይግ ኣብ ጽላት ህንጻ ሓደ ስራሕ ንኽትረክብ ይሕግዘካ እዩ። ኣብ ገሊኡ ጉዳያት፡ ሓደ ናይ ሞያ ወረቐት ምስክር ንምርካብ፡ ትምህርቲ እንዳ ተዋህበካ ከም ተልመዴን ናይ ስራሕ ምቕጻር ዕድል ይወሃበካ እዩ።

ካብቲ ናትካ ዕላማን ናይ ሞያ ፍልጠትን ተበጊስና፣ ነዚኦም ምስ ናይ ወሃብቲ ስራሕ ድልየት ነጋጥሞም።

ኣብ ጋላክሰን ብይግ ቅቡል ንኽትከውን፡ ብቐዳምነት ኣብ ጽላት ህንጻ ናይ ምስራሕ ተገዳስነት ክህልወካ ኣለዎ።

ሓገዝ ካብ ጋላክሰን ብይግ ንኽተመልከት፡ ሓደ ናይ መመልከቲ ቅጥዒ መሊእካ ናብቲ ኣብ ትነብረሉ ከባቢ ዘሎ ዚምልከቶ ሰብ ትሰዶ። ነቲ ምልክታኻ ምስ ተቐበልናዮ፡ ንድሕረ-ባይታኻ፡ ዘሎኻ ፍልጠትን ተመኲሮታትን ንኽንገምግሞ ምሳኻ ንራኸብ። ድሕሪኡ ምሳኻ ብሓባር ሓደ ዚሰማማዓካ ስራሕ ክንረክብ ንፍትን። ሓደ ጽቡቕ ዚሰማማዕ ወሃብ ስራሕ እንተ ረኺብና፣ ጋላክሰን ብይግ፡ ኣብ ናይ ስራሕ ምቕጻር ሰነዳት፡ ኣብቲ ናይ ስራሕ ቦታ ምልላይን ድሕሪኡ ከመይ ይኸይድ ከም ዘሎን ብስሩዕ ኣብ ምክትታልን ንሕግዝ።

ቤት ጽሕፈት መራኸብቲ ስራሕ ነቲ ኩነታት ድሕሪ ምምርማር ካብቲ ናይ ስራሕ ምቕጻር ዓይነት ተበጊሶም ነቲ ወሃቢ ስራሕ ቍጠባዊ ሓገዝ ዝወሃቦ እንተ ኾይኑ ይውስኑ። እቲ ዕላማ ኣብ መጻኢ ግዜ ብዘይ ሓገዝ ንቡር ስራሕ ንኽህልወካ እዩ።

ጋላክሰን ብይግ ብዘይ ናይ መኽሰብ ተገዳስነት ይካየድን ካብ 1986 ሃልዩን ኣሎ። ዓመታዊ ኣስታት 500 ሰባት ብመንገድና ስራሕ ይረኽቡን ይቐጻሩን። ብዝያዳ ክትፈልጥ እንተ ደሊኻ ምሳና ርክብ ግበር!

## ንዓኻ ሓድሽ መጻኢ እዚ ዝስዕብ ይምልከት፤

- ኣብ ቤት ጽሕፈት መራኸብቲ ስራሕ ከም ደላይ ስራሕ ዝተመዝገብካ ኢኻ።
- ብናይ ቤት ጽሕፈት መራኸብቲ ስራሕ መግለጺ መሰረት ሓድሽ መጻኢ ኢኻ፣ እንተ ነውሓ ካብ 36 ኣዋርሕ ንድሕሪት መንበሪ ፍቓድ ዝተወሃብካን ደላይ ስራሕን ኢኻ።
- ኣብ ናይ ህንጻ ሞያ ተመኩሮ እንተ ኣለካ ኾይኑ ሓደ ዛይድ እዩ፣ እንተ ዘይኮነ ኣብ ጽላት ህንጻ ሓደ ሞያ ናይ ምጅማር ተገዳስነት እንተ ኣለካ ኾይኑ እኹል እዩ።
- ብሽወደንኛ ክትዘራረብ ክትክእል ኣሎካ

## ንዓኻ ንነዊሕ ግዜ ስራሕ ኣልቦ ዝነበርካ እዚ ዝስዕብ ይምልከት፣

- ኣብ ቤት ጽሕፈት መራኸብቲ ስራሕ ከም ደላይ ስራሕ ዝተመዝገብካ ኢኻ።
- ብናይ ቤት ጽሕፈት መራኸብቲ ስራሕ መግለጺ መሰረት ንነዊሕ ግዜ ስራሕ ኣልቦ ኢኻ፣ 25 ዓመት መሊእካን ኣብዚ ዝሓለፈ 12 ኣዋርሕ ብምሉእ ግዜ ስራሕ ኣልቦ ኔርካን ኢኻ። ዕድሜኻ 15-24 ዓመት ኮይኑ ኣብ ውሽጢ ናይ ኣርባዕተ ኣዋርሕ እዋን እንተ ወሓደ ን90 መዓልታት ስራሕ ኣልቦን ኣብ ቤት ጽሕፈት መራኸብቲ ስራሕ ከም ደላይ ስራሕ ዝተመዝገብካን ኢኻ።
- ካብ ናይ ህንጻ ሞያ ተመኩሮ እንተ ኣለካ ኾይኑ ሓደ ዛይድ እዩ፣ እንተ ዘይኮነ ኣብ ጽላት ህንጻ ሓደ ሞያ ናይ ምጅማር ተገዳስነት እንተ ኣለካ ኾይኑ እኹል እዩ።
- ብሽወደንኛ ክትዘራረብ ክትክእል ኣሎካ

**ናይ ምልክታ ቅጥዕን ናይ ርክብ ሰባትን ኣብ galaxen-bygg.se ርኸብ**